**ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራስያዊ ለውጢ حقراطي**

**Eritrean Unity for Democratic Change**

## ንሓድሽ ዓመት- 2016 ኣመልኪቱ፡ ብኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራስያዊ ለዉጢ (ኤስደለ) ዝተዋህበ መግለጺ

ዝከበርኩም ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣብ ዉሽጥን ወጻእን!

ንዓመተ-2015 ተሰናቢትና፡ ንሓድሽ ዓመተ-2016 ኣሃዱ ኢልና ንቕበለሉ ዘለና መዓልቲ'ዩ። ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኩሉን፡ ውድብና ኤስደለ "እንቋዕ ኣብጸሓኩም፡ ኣብጸሓና" ክብል ይፈቱ። ዓመተ-ራህዋን ጠልን ክኾነልና ድማ ይትስፎ። ባርነታዊ መቐሕ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣንጻር ህላወን ቀጻልነትን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝዓጠቐ ጨቋኒ ኣጋጢሙና፡ መሪር ቁጠዐኹምን ማዕበላዊ ናይ ለዉጢ ባህግኹምን እትገልጽሉ ዘለኹም ወቕቲ'ዩ'ሞ፡ እዚ ሓድሽ ዓመተ-2016፡ ናይ ንቑሕ ቃልስን ዓወትን ዓመት ንክኾነልኩም/ክኾነልና፡ ክብ ዝበለ ትጽቢት ዉድብና'ዩ።

ዉድብና ኤስደለ፡ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ዕላማታት ዓቲሩ፡ ንደሞክራስያዊ ለዉጢ ዘካየዶ ዘይሕለል ቃልሲ፡ ኣብ ክሊ ግዜ ኮይኑ ዝዓዮ ዕማም ምኳኑ ስለዝፈለጥ ናይ መዓልታት ኣዋርሕን ዓመታትን ምትኽኻእ፡ "ዮሃና" ተባሂሊሉ ዝሓልፍ፡ ተራ ናይ ቁጽሪ ጉዳይ ከምዘይኮነ ኣጽኒዑ ይኣምን። ስለ'ዚ ከኣ፡ ዓመተ-2015፡ ከመይ ሓሊፉ?፡ እንታይ ዝጭበጥ ዓወታት ኣመዝጊብናላ?፡ እንታይ ከ ተሪፎምና? ብሓደ ወገን፡ ሓዳስ እንቕበላ ዘለና ዓመተ-2016 ድማ፡ ንኣየኖት ዝተረፉና ዘይተፈጸሙ ዕማማት ንምትግባር፡ ብሓድሽ ወነን ናይ ቃልሲ መንፈስን ንቕበላ ኣለና? ከኣ በቲ ካልእ ወገን፡ እንግምግመላን ቃልና እንሕድሰላን ዕለት'ዩ።

<u>ኣብ'ዛ ተሳናቢትናያ ዘለና ዓመት-2015</u>፡-

1) ዉድብና ኤስደለ፡ ኣብ ወርሒ ለካቲት 2015፡ ንኩሎም ፖለቲካዊ ዉድባት ኤርትራ፡ ሲቪካዊ ማሕበራትን ኣገደስቲ ምሁራትን ብምዕዳምን፡ እቶም ፍቓደኛታት ዝኾኑ ድማ፡ ኣብ ምሉእ መስርሕ ጉባኤ ብምስታፍ፡ ንሃገራውን ውድባውን ኩነታት ብግቡእ ብምግምጋም፡ ኣብ ኤርትራ ዘተኣማምን ሰላምን ደሞክራስን ከስፍን ዝኽእል ቅኑዕ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መደብ ዕዮ ተጸንቢሉ ዝወጸላ ዓመት'ያ። ኣብ መንጎ ተቓለስቲ ዉድባትና (ብፍላይ ድማ ኣብ መንጎ'ቶም ዕድመና ብክፉት ልቦና ተቐቢሎም ዝተሳተፉ መሓዙት ዉድባትና)፡ ሓድሕድ ምትእምማን ዘበረኸናሉ ጉባኤ ዘካየድናላ ዓመት'ያ ነይሩ።

2) ብመሰረት ፖለቲካዊ ውሳኔታት ጉባኤ፡ ሕቶ ሓድነት ሓይልታት ሰዉራ፡ ደሞክራሲያዊ ሕቶ ህዝብና ምኳኑ ብምስትዉዓል ብሓፈሻ፡ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ብሰንኪ ህግደፋዊ መዓት ኣንጸላልይዎም ካብ ዘሎ ናይ ብርሰት ሓደጋ ንምንጋፍ ድማ ብፍላይ፡ ምስ ብዙሓት መሓዙት ዉድባት፡ ሓላፍነታዊ ዘተታት ዘካየድናላ ዓመት'ያ ነይራ ዓመተ-2015። ምስ 5ተ መሓዙት ዉድባት (ሰደግኤ፡ ደምሓኩኤ፡ ስምኤድሃን፡ ደምሳኤን፡ግሃድኤ-ሕድሪን) ድማ፡ ኣብ ወርሒ ሕዳር 2015 ብዘካየድናዮ ሓባራዊ ሰሚናር ኣቢልና፡ ሓባራዊ ራእይ ብምንጻር ናብ ልፍንታዊ ጽምዶ ገጹ ዝስስን ዘሎ ግንባራዊ ዓወት ዘመዝገብናላ ዓመት'ያ-2015።

3) ህዝቢ ኤርትራ፣ ካብ ኣራዊት ስርዓት ህግደፍ ዝኸፍእ ጸላኢ ከምዘይብሉ፣ ካብ ዝኾነ ካልእ ግዜ ንላዕሊ ዝተጋህደላ ዓመት ኮይና'ዉን'ያ ሓሊፉ ዓመተ -2015። ኣገልግሎት ናይ'ቲ ስርዓት ህግደፍ ንዓመታት እናኣደናገረ ተሓቢኢሉ ዝነበረ ናይ "ልኡላዉነት ሃገር" ዝብል በዓቲ ተቐሊዑ፣ ንልኡላዊ ክብረት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ስርዓት ህግደፍ ንላዕሊ ዘሕሰረን ዘዋረደን ጸላኢ ከምዘየሎ ዝተጋህደላ ዓመት'ያ። ስርዓት ህግደፍ ካብ ህዝቢ ተሓጢጡ ዝተነጸለ፣ ኣብታ ናይ ገዛኢ ደርቢ ናይ ስልጣን ማይቤቱ'ዉን ክማናጨት፣ ክትሓራረድን ክቃራደድን ዝዉዕል ዘሎ ስርዓት፣ ናይ ዕድመ ስልጣኑ ዓራርቦ ምኳኑ ዝተጋህደላ ዓመት ኮይና'ያ ሓሊፋ ዓመተ-2015። እዚ ድማ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ኣሪጉን ተዘሪጉን ሞቱ ዝጽበ ዘሎ ስርዓት ምኳኑ ዘግሃደት ዓመት'ያ ነይራ-2015።

4) ዝሓለፈት ዓመተ-2015፣ ቁጥዐ ህዝብታትናን ቁልጡፍ ናይ ለዉጢ ባህግታቶምን ኣብቲ ዝላዓለ ጥርዙ ዝበጽሓሉ ዓመት'ያ ነይራ። እቲ ድምጹ ብዓዉታን ተኣኪቡን ክገልጽ ዕድል ዝረኸበ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ህዝብና፣ "ዉድቀትን ስዕረትን ንስርዓት ህግደፍ!፣ እምቢ ንሕሱም ጭቆና፣ ሕራይ ንደሞክራስያዊ ለዉጢ!"፣ ዝብሉ ጭሮሖታት ኣልዒሉ ሰዉራዊ ቁጥዐኡ ኣብ ኣደባባያት ዓለም እናገለጸ ዘሕለፋ ዓመት'ያ ነይራ- 2015። እዚ ድምጺ'ዚ ከኣ ናይ'ቲ ብመቑሕ ስርዓት ህግደፍ ልሳኑ ተለጊሙን መሓዉሩ ተኣሲሩን ዝርከብ፣ ኣብ ዉሽጢ ኤርትራ ኣብ መንጋጋ ዝብኢ ስርዓት ህግደፍ ዘሎ ድምጺ ህዝብና'ዉን'ዩ። እዚ ዘየቋርጽ ቁጥዐን ነድርን ድምጺ ህዝብና'ዚ፣ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዝህረም ዘሎ ናይ ለዉጢ ነጋሪት ኮይኑ፣ እቲ ኣብ ቅርዓት ጀኔቭን ኣብ ኣደባባይ ኒዉ ዮርክን፣ ንልዕሊ ክልተ ግዜ ድማ፣ ኣብ መደበራት ስደተኛታትን ኣብ ኣዲስ ኣበባን፣ ኣሻሓት ደለይቲ ለዉጢ ዝተሳተፍዎ ሰለማዊ ሰልፍታት ከኣ፣ ናይ'ዚ ሓቂ'ዚ እኹል መሰኻኽራት'ዮም። እዚ ማዕበላዊ ቁጥዐን ናይ ደሞክራስያዊ ለዉጢ ባህግን ህዝብታትና'ዚ፣ እቲ ወሳኒ ረቛሒ ናይ ለዉጢ ምዃኑ ግሁድ'ዩ። እዛ ዘፋነናያ ዓመተ-2015 እምበኣር፣ ናይ'ዚ ወሳኒ ተኣምረታዊ ዓቕሚ ሓፋሽ'ዚ: ቅሩብነቱ ንለዉጢ ኣግሂዳ'ያ ሓሊፋ።

5) ዝሓለፈት ዓመተ-2015፣ በዞም ልዒሎም ዝተጠቕሱ ኣዎንታታት ጥራሕ ዝጥመት ተርእዮታት ኣይኮነትን ኣእንጊዳ ሓሊፋ። ንመስርዕ ደምበ ተቓዉሞና ዝዘርግ ህቦብላ'ዉን ኣእንጊዳ'ያ። እቶም ቀንዲ ንምጥቃስ፡-

ሀ) እቲ ብዙሕ ተስፋ ዝተነብረሉ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክረስያዊ ለዉጢ(ኤሃባደለ)፣ ምስ'ቲ ኩሉ ዝጸንሖ ድኽመታቱ፣ ንዳርጋ ኩሉ ዓቕምታት ደምበ ተቓዉሞ ሃገርና ኣብ ትሕቲ ሓደ ጽላል ኣኪቡ ናብ ካልኣይ ጉባኤ ኣብ ዝታተየሉ ዝነበረ እዋን፣ ብዉሽጣዊ ቅልውላው ክጽመድን፣ ኣይምዉት ኣይስሩር ኮይኑ ናብ ዝሳሓገሉ ዘሎ ደረጃ ኣንቆልቂሉ ይርከብ። ኣሰናዳኢ ሽማግለ ብዝፈጠሮ ዕንቅፋት፣ ሃናጺ መኣረምታ ንከይግበረሉ ብዝሓዞ ድርቅናን፣ ናይ ዝተወሰኑ ኣካላት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን(ኤደኪ) ደገፍ ረኺቡን፣ ናብ ከቢድ ናይ ምፍንጣሕ ሓደጋ ክርግረግ ኮይኑ ዝሓለፉ ዓመት'ያ= ዓመተ-2015። ሃገራዊ ባይቶ፣ ንኣጋጢሞሞ ዘለዉ ጸገማት ብግቡእ ገምጊሙን ፈቲሑን፣ 2ይ ጉባኤኡ ንከዕዉትን ህዝብና ዝጽበዮ ናይ ቃልሲ ኣገልጉሎቱ እናሃበ ንክቅጽልን ናይ ምግባሩ ዕማም፣ ኣብ ቅድሚ ኩልና ዉድባት ኤርትራ ተገቲሩ ዘሎ ዕማም ናይ'ዚ እንኣትዎ ዘለና ሓድሽ ዓመተ- 2016 ኮይኑ ተሰጋጊሩ ኣሎ። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ካብ ዉድብና ዝግበር ሓላፍነታዊ ትጽቢት ንክገበር ድልዉ ምዃኑ በዚ ኣገጣሚ ክንሕብር ንፈቱ።

ለ) ኣብዛ ዝሓለፈት ዓመተ-2015፣ እቲ ካልእ ንመሳርዕ ደምበ ተቓውሞና ዝዘርግ ህቦብላ ድማ፣ ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝጸንሐን ዘሎን ናይ ቃልሲ ባይታ ንከይንጥቀም ዝካየድ ዘሎ ናይ ምዝንባል ወፍሪ'ዩ። ንመንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ናይ ልእላዉነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ሓደጋ ገይሩ ካብ ምርኣይ ዝብገስ፣ ቀንዲ ተልእኽኡ ድማ ነዚ ተፈጢሩ ዘሎ ናይ ቃልስን ምሕዝነትን ባይታ ንከይጥቀም ዓሊሙ፣ መሳርዕ ቃልሲ ኣርሒቑ ንክስደድ ዝገብር ሓደገኛ ተርእዮ'ዩ። እዚ ወፍሪ'ዚ ተራ "ገይጋ" ተባሂሉ ዝሕለፍ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ዘይነበሩና ፈተውቲ ኣብ ክንዲ ምውሳኽ ሓንቲ ዝነበረትና ናይ ቃልሲ ባይታ ከነጥፍእ ምጉስጓስ ናይ ጥዕና ኣይኮነን። ነዚ ዓጢቖም ዝወፈሩ ገለ ጉጅለታትን ባእታታትን፣ መንቀሊኦም ትምክሕታዊ ድሕረት ኮይኑ፣ ኣብ ልዕሊ'ቲ ወሳኒ ዓቕሚ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዘለዎም ዓሚቕ ንዕቀት ዝብገስ ናይ ኣራኣኣያ ጸገም'ዩ። ደላይ ሰላም ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ፣ ንናይ ስትራጂካዊ ፈተውቱ ዓቕሚ ንከባኽን፣ ፖለቲካዊ ንቕሓቱ ንከጉትም፣ ቁጥዐኡ ንክዘሓሓልን ንዘይጸላኢኡ ክጸልእ፣ ምስ ዘይፈታዊኡ ከኣ ክተዓረቕ ዝገብር፣ ብትሪ ክንቃለሶን ክሳዓርን ዝግብኦ ጸረ-ህዝቢ ኣረኣእያ'ዩ። ንልኡላዊ ክብረት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣሕሲሩን ኣዋሪዱን ኣብ ሓደጋ ኣእትዩዎ ዘሎ እንኮ ጸላኢ ስርዓት ህግደፍ እምበር መንግስቲ ኢትዮጵያ ከቶ ኣይኮነን፡፡

እዚ ንመሳርዕ ሰውራ ንከህጉግ ዝወጣወጥ ዘሎ ድሑር ኣረኣእያ'ዚ፣ ናይ'ቲ ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ተተርኢሱ ንክወድቕን ከብርሰናን ጨኪኑ ዘሎ ትምክሕተኛ ስርዓት ህግደፍ ኣረኣእያ'ዩ። ኣገልግሎቱ ድማ፣ ዕድመ ስልጣን ናይቲ ኣራዊት ስርዓት ህግደፍ ብምንዋሕን፣ ሓሳረ-መከራ ህዝብታትና ንክመርርን ጥራሕ'ዩ። ኣብዚ እንፍልሞ ዘሎና ሓድሽ ዓመተ-2016፣ ነዚ ልዒሉ ዝተጠቕሰ፣ መሳርዕ ቃልሲ ዝዘርግ ጸረ-ህዝቢ ናይ ኣራኣእያ ህቦብላ፣ ኣምሪርና ብምቅላስ ንምስዓሩ እጅገና ሰብሲብና እንኣትዎ ወቕቲ'ዩ። ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ዝቐንዕ ቁጠዐን ንቑሕ ተሳትፎን ህዝብና ንክብርኽ፣ ካብ ህግደፍ ዝኸፍእ ጸላኢ ከም ዘይብልና ብምስትብሃል፣ መሳርዕ ቃልሲ ንክስስንን ዕድመ ጸላኢና ስርዓት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ንምሕጻርን፣ ንብሩህ መጻኢ ህዝብናን፣ ዓቕምታት ደለይቲ ደሞክርስያዊ ለዉጢ እንጠምረላ ወቕቲ ንክንገብራ ከኣ ትጽቢት ይግበር።ኣብዛ ሓዳስ ዓመተ-2016፣ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ዋኒንና፣ ምስ ኩሎም ጎረባብቲ ሃገራት ተሳኒና ክንነብረሉ ንኽእል ባይታ ምንጻፍ እምበር ኣብ ጽልእን ቅርሕንትን ምንባር፣ ናይ ህግደፍ ፕሮጀክት ምዃኑ ምስትምሃር ክኸውን እዩ፡:

ንምጥቕላል፣ ሓዳስ ዓመተ-2016፣ " ዓመተ ንቑሕ ቃልስን ዓወትን" ንክትኮነልና፣ ካብ ጽቡቕ ተስፋን ትምኒታትን ንላዕሊ ክንሰርሕ ትጽቢት ከምዝገብር ዉድብና ኤስደለ ኣጽኒዑ ይኣምን። ነዚ ዕግበቱ'ዚ ክዉን ንምግባር ድማ፣ ነቶም ህልዋት ኣወንታዊ ምዕባለታት ብምዕቃብን ብምስፋሕን፣ ነቶም ድኹማት ጎንታት ድማ ከይተሓለልካ ንምቅላስ ቃሉ ብምሕዳስዩ፣ ንሓዳስ ዓመተ-2016 ዝኣትዎ ዘሎ። ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ካብ ሓፋሽ ተሓጢጡ ተነጺሉ ኣሎ፡፡ ስርዓት ህግደፍ እታ ጸባብ ናይ ገዛኢ ደርቢ ማይቤቱ'ኳ ጸቢባቶ ክተሓራረድን ክማናጨትን ናብ ዝዉዕለሉ ዘሎ ኩነታት'ዩ ኣንቀልቂሉ ዘሎ። ህዝብታትና ብማዕበላዊ ፍኑው ተቓዉምኦም ኣቢሎም፣ ናይ ደሞክረስያዊ ለዉጢ ባህጎም ናብ ዝገልጹሉ ዘለዉ ርሱን ኩነታት ተሰጋጊሮም'ዮም፡፡ እንተኾነ ግን እዚ ምቹእ ናይ ለዉጢ ወድዓዊ ባይታዚ፣ ናብ ዘተኣማምን ዓወት ንምስግጋሩ ዝግበር ቃልስን ተቓዉሞን ማእዝኑ ኣጥፊኡ፣ ናይ ዱልዱል መሪሕ ውድብ ብኩራት ጋህዲ ኮይኑ ኣሎ። ዉድብና ኤስደለ ነዚ ናይ መሪሕ ዉድብ ብኩራት ብግቡእ ብምግምጋም፣ ቕኑዕ መስመር ስጡም ዉደባን ብቑዕ ኣመራርሓን ዝጨበጠ ድልዱል መሪሕ ንምርግጋጽ ኣብ ዝካየድ ቃልሲ ሎሚ'ዉን ከም ወትሩ ጸኒዑ ንምቅላስን ካብኡ ዝጥለብ ዘበለ ኩሉ ንምስልሳልን ቃሉ ዳግም ብምሕዳስ'ዩ፣ ንሓዳስ ዓመተ-2016 ኣሃዱ ኢሉ ዝተሓሓዛ ዘሎ።

ሓዳስ ዓመት-2016፡ ዓመት-ንቑሕ ቃልስን ዓወትን ክትከውን'ያ!!

ዮሃና ንዓመት-2016!!

ቤ/ጽ ዜናን ባህልን ኤስደለ

1 ጥሪ 2016